## ናይዚ ሓጺር ጽሑፍ'ዚ ዕላማ ነቲ ዝሓተትክሞ ዑቕባ ብዝምልከት ኣብ ዝግበር ቃለ መጠይቕ ንምድላው ዝሕግዘኩምን ከምኡ ድማ ካብዚ መስርሕ እንታይ ክትጽበዩ ከምዘሎኩምን እንታይ መሰላት ከምዘለኩም ሓበሬታታት ንምቕራብ እዩ።

### እቲ ዝግበር ቃለ መጠይቕ ብዛዕባ እንታይ እዩ?

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዑቕባ ንኽወሃበኩም ክትሓቱ ከለኹም ነቶም ሰበስልጣናት ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት፡ (ሆም ኦፊስ (Home Office)) ከም ስደተኛ ንኽፈልጥኹም ትሓቱ ኣሎኹም ማለት እዩ።

**እቲ ስደተኛ ዝብል ቃል ትርጉሙ ካብቲ ናይ 1951 ናይ ስደተኛታት ዋዕላ (1951 Refugee Convention) ዝመጸ እዩ።**
በቲ ናይ ስደተኛታት ዋዕላ መሰረት ዑቕባ ንኽወሃበኩም፡ ብቑዓት ሙኻንኩም ዝፍለጥ እቲ መንግስቲ ናይ ዓዲ እንግሊዝ፡ ኣብ ሀገርኩም ንህይወትኩም ዘሰግእ ኩነታት ኣሎ ኢሉ ምስ ዝኣምን ጥራይ እዩ። እዚ ዝስዕብ ዝግኣት ድማ ብዓሌትኩም፣ ሃይማኖትኩም፣ ዜግነትኩም፣ ወይድማ ናይ ሓደ ማሕበረሰብ ወይ ፖለቲካ ጉጅለ ኣባል ብምኳንኩም ምርኩስ ብምግባር ክኸውን ይኽእል።

**ናይ ሰብኣዊ መሰላት ምኽንያታት።**
ከም ኻልእ መንገዲ ድማ፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንኽትጸንሑ ዘገድደኩም ካልእ ናይ ሰብኣዊነት ወይድማ ዘገድድ ምኽንያት ክህልወኩም ይኽእል እዩ። እዚ ምኽንያት እዚ ምስ ዝንጸግ፡ እቲ ኣብ ትሕቲ ናይ ኣውሮጳ ስምምዕ ሰብኣዊ መሰላት (European Convention on Human Rights) ዝግበኣኩም መሰላት ይገሃስ ኣሎ ማለት እዩ።

ዑቕባ ክወሃበኩም ምስ ሓተትኩም፡ እቲ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት፡ ቃለ መጠይቕ ንኽትገብሩ ክጽወዓኩም እዩ። እዚ ቃለ መጠይቕ፡ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ንጉዳይኩም ውሳነ ኣብ ምሃብ ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ። ዑቕባ ምሕታትን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ሕግን ዝተሓላለኸ ነገር ሙኳኑ ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ። ሕጋዊ ምኽሪ ወይ ጠበቓ ምርካብ እቲ ዝሓሸ መንገዲ ኢዩ፡ ከምኡ ንምግባር እንተደኣ ዘይከኣልኩም ግና እዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ ኣብቲ ናይ ቃለ መጠይቕ ግዜ እንታይ ክትጽበዩ ከምዘሎኩም ከምእውን ዘለኩም መሰላት እንታይ ሙኳኑ ይገልጽ እዩ።

### እቲ ቃለ መጠይቕ እንታይ ይመስል፤ ንኽዳሎ'ኸ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?

- እቲ ቃለ መጠይቕ ካብ ክልተ ክሳብ ኣርባዕተ ሰዓታት ኣቢሉ ይወስድ። እቲ ጉዳይኩም ዝከታተል (case owner) ንቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ብምውካል ነቲ ቃለ መጠይቕ የካይዶ፤ ብዙሕ ሕቶታት ድማ ይሓተኩም።
- ብዛዕባ ዘጋጠመኩም ነገራት ብዝተኻእለ መጠን ብዝርዝርን ብንጹርን ሓበሬታ ክትህቡ ይግበኣኩም። ዝተሓተትኩሞ ሕቶ መልሱ ዘይትፈልጥዎ እንተደኣ ኰንኩም፡ ብግምት መልሲ ካብ ምሃብ ኣይፈልጠን እየ ምባል ይበልጽ። እቲ ዘጋጠመኩም ነገር ብቛንቋኹም ምጽሓፍ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ነቲ ጉዳይኩም ዝከታተል ሰብ፡ ስለምንታይ ንሀገርኩም ክትምለሱ ከምዘይትኽእሉ ክትገልጽሉ ፈትኑ።
- ካልእ ዝኾነ ተወሳኺ መርትዖ እንተደኣ ኣሎኩም ኮይኑ፡  ንኣብነት ናይ ሕክምና ወረቐት፣ ወይድማ ኣብ ሃገርኩም ዘሎ ኩነታት ዝገልጽ ጋዜጣ ዝኣመሰሉ ነገራት ከተእትውዎ ይግባእ። ናይቲ እትህብዎ ወረቓቕቲ ኩሉ ቕዳሕ ክትሕዙ ድማ ይግባእ።
- ጓል ኣንስተይቲ እንተደኣ ኰንኪ እሞ፡ ጉዳይኪ እትከታተል ድማ ጓል ኣንስተይቲ ክትከውን ትመርጺ እንተደኣ ኰንኪ፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣቐዲምኪ ክትሓቲ ይግባእ። ጉዳይኪ እትከታተል ጓል ኣንስተይቲ እንተደኣ ዘይተረኺባ፡ እቲ ቃለ መጠይቕ ንኻልእ ግዜ ንኽመሓላለፍ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ።
- እቲ እትህብዎ ሓበሬታ ይኹን መርትዖ፡ ስርዓት ዝሓዘን ንሓድሕዱ ድማ ዘይጋጨ ክኸውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

> **እቲ እትገብርዎ ቃለ መጠይቕ፡ ኣብ ቴፕ ንኽቕዳሕ ብጽሑፍ ክትሓቱ ይግባእ።**
> እዚ ድሕሪ እቲ ቃለ መጠይቕ፡ ሕጋዊ ወኪል እንተደኣ ጌርኩም፡ ደሓር ንሱ ክጥቀመሉ ይኽእል እዩ።

### ኣስተርጎምቲ

> **ሙሉእ ብምሉእ ክትርድእዎ እትኽእሉ ኣስተርጓሚ ንኽግበረልኩም መሰል ኣለኩም።**

- ኣብ ዝኾነ እዋን እቲ ኣስተርጓሚ ዝበሎ እንተደኣ ዘይተረደኣኩም፡ ነቲ ጉዳይኩም ዝከታተል ሰብ ሽዑ ንሽዑ ኣፍልጥዎ። ዘድልየኩም ነገር ድማ፡ እቲ ጉዳይኩም ዝከታተል ሰብ ስጉምቲ ክሳብ ዝወስድ ደጋጊምኩም ሕተቱ። ዘይምርድዳእ ክህሉ ስለዝኽእል እዚ ድማ ኣብቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኩም ዝወሃብ ውሳነ ዓቢ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል እዩ።
- እቲ ኣስተርጓሚ ኣብ ሞንጎኹምን እቲ ጉዳይኩም ዝከታተል ሰብን ኮይኑ ንኸተርጉመልኩም ጥራይ እዩ ኣብኡ ዘሎ እምበር፡ እንታይ ክትገብሩ ከምዘሎኩም ክሕብረኩም የብሉን። ከምኡ እንተደኣ ኣጋጢሙ፡ ግን ነቲ ጉዳይኩም ዝከታተል ሰብ ሽዑ ክትሕብርዎ፤ ደሓር ድማ ንቤት ምኽሪ ስደተኛታት ወይ ንጠበቓኹም ክትሕብርዎም ይግባእ።
- ጓል ኣንስተይቲ እንተደኣ ኰንኪ እሞ፡ ጓል ኣንስተይቲ ኣተርጓሚት ክትቐርበልኪ ትመርጺ እንተደኣ ኰንኪ፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣቐዲምኪ ክትሓቲ ይግባእ። ጉዳይኪ እትከታተል ጓል ኣንስተይቲ እንተደኣ ዘይተረኺባ፡ እቲ ቃለ መጠይቕ ንኻልእ ግዜ ንኽመሓላለፍ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ።

> ሓደሓደ ግዜ፡ ሰባት ሕጋዊ ወኪል ንኽረኽቡ ክንሕግዞም ንኽእል ኢና። ብኽብረትኩም ነቲ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ዝሰርሕ ናይ ፕሮጀክት ሰራሕተኛ ተወከሱ።

**ሓፈሻዊ ሓበሬታታት**

> **ኣብ ዝኾነ እዋን ዘይተረዳኣኩም ነገር እንተደኣ ኣሎ ኾይኑ፣ ነቲ ጉዳይኩም ዝከታተል ሰብ፣ ከም ዘይተረዳኣኩም ንኽትነግርዎ ድሕር ኣይትበሉ።**

- ጉዳየይ ምሉእ ብምሉእ ክገልጾ ዕድል ኣይተወሃበንን ትብሉ እንተደኣ ኰንኩም፣ እቲ ቃለ መጠይቕ ጠጠው ክብል ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ኣብ ጉዳይኩም ምንም ጽልዋ ኣይክህልዎን እዩ።

- እቲ ቃለ መጠይቕ ዘጨንቕን ከቢድን እንተደኣ ኰይንኩም፣ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ክወሃበኩም ወይድማ ንኻልእ መዓልቲ ክመሓላለፍ፣ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

- ድሕሪ እቲ ቃለ መጠይቕ ኣድላዪ ዝኾነ ሓበሬታ ረሲዐ ትብሉ እንተደኣ ኰንኩም፣ ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ንጠበቓኹም፣ ክትሕብሩ ይግበኣኩም። ምኽንያቱ ጠበቓኹም ንዘሎ ተወሳኺ ሓበሬታ ንኽቕርብ ሓሙሽተ መዓልታት ጥራይ እዩ ዘወሃቦ።.

**ውቅባ እትሓቲ ጓል ኣንስተይቲ ዲኺ?**

እቲ ናይ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ፖሊሲ ብዛዕባ ውቅባ ዝሓታ ደቂ ኣንስትዮ ኣተሓሕዛ፣ ከመይ ሙኳኑ ዝገልጹ ሓጸርቲ ጽሑፋት ኣለዎ። ነቲ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ብቋንቋኽን ዝተዳለወ ጽሑፋት ክህበክን ሕተትኦ። እዞም ሓጸርቲ ጽሑፋት ኣብ www.asylumaid.org.uk እውን ይርከቡ እዮም።

ካልኦት ናይ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ሓጸርቲ ጽሑፋት ኣብ፣ http://languages.refugeecouncil.org.uk ይርከቡ።

**Published in September 2007**

**ቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council)**
240-250 Ferndale Road
London SW9 8BB
ስ.ቁጽሪ፣ 020 7346 6700
ናይ ምኽሪ መስመር፣ 020 7346 6777
www.refugeecouncil.org.uk

**ናይ ዮክሻየርን ሃምበርሳይድን ቤት ጽሕፈት ቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council Yorkshire & Humberside Office)**
Ground Floor, Hurley House
1 Dewsbury Road
Leeds LS11 5DQ
ስ.ቁጽሪ፣ 0113 244 9404
ናይ ምኽሪ መስመር፣ 0113 386 2210

**ናይ ምብራቓዊ ሸነኽ ዓዲ እንግሊዝ ቤት ጽሕፈት ቤት ምኽሪ ስደተኛታት**
**(Refugee Council East of England Office)**
First Floor, 4 – 8 Museum Street
Ipswich IP1 1HT
ስ.ቁጽሪ፣ 01473 221 560
ናይ ምኽሪ መስመር፣ 01473 297 900

**ናይ ምዕራባዊ ሚድላንድስ ቤት ጽሕፈት ቤት ምኽሪ ስደተኛታት**
**(Refugee Council West Midlands Office)**
First Floor, Smithfield House
Digbeth, Birmingham B5 6BS
ስ.ቁጽሪ፣ 0121 622 1515
ናይ ምኽሪ መስመር፣ 0121 622 1515

REFUGEE COUNCIL

OISC
No: N200100132

Community Legal Service

British Refugee Council (commonly called the Refugee Council) is a company limited by guarantee registered in England and Wales, [No. 2727514] and a registered charity, [No. 101445776] Registered office: 240-250 Ferndale Road, London SW9 8BB, United Kingdom



# መምርሒ ብዛዕባ እቲ ናይ ውቕባ ቃለ መጠይቕኩም

**ቤት ምኽሪ ስደተኛታት፣ ናጻ ማሕበር ክኸውን እንከሎ፣ ምስ ሓተቲ ውቕባን፣ ስደተኛታትን ብምስራሕ፣ ናይ ነዊሕ ዓመታት ተሞክሮ ዘለዎ ማሕበር እዩ። ድሌታትኩም ንምምላእ ድማ፣ ብዙሕ ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት፤ ብዝተፈላለዩ ብዙሓት ቋንቋታት ብናጻ ንህብ።**

REFUGEE COUNCIL